መድሃኒታት ሓደ-ሓደ ግዜ ጎናዊ ሳዕቤናት ከስዕቡ ይኽእሉ። እዞም ዝስዕቡ ጎናዊ ሳዕቤናት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም:-

- ናይ ጸላም ከብዲ ጸገማት ምስ ውግኣት ወይ ብዘይ ውግኣት
- ድኻም
- ሕማም ርእሲ፣ ምድንዛዝ
- ናይ ምትኳር ጸገማት
- ምስሓይ ምስ ዕንፍሩር ወይ ብዘይ ዕንፍሩር
- ናይ ከስዐ ጸገማት

ንዝኾነ ጎናዊ ሳዕቤናት ምስቲ መድሃኒት ዝኣዘዘልካ (ናይ ስድራቤት) ሓፈሻዊ ሓኪም ተዘራረብ። ሪፋምፒሲን (Rifampicin) ዝበሃል መድሃኒት ፈሳሲ ኣካላት ናይ ኣራንሺ ሕብሪ ከም ዝቕየር ይገብሮ ። እዚ ዘጨንቕ ኣይኮነን፣ እቲ ኣራንሺ ሕብሪ ምቕያር ንቡር ግብረ መልሲ ኮይኑ ዘይጎድእ እዩ።

## ነዞም ዝስዕቡ ምልክታት ኩሉ ግዜ ጥንቁቕ ኩን:-

- ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ሰዓል
- ክብደት ሰብነት ምቕናስ
- ናይ ለይቲ ረሃጽ
- ሸውሃት ምግቢ ምቕናስ
- ብሓፈሻ ጽቡቕ ዘይምህላው ዝስምዓካ እንተኾንይኑ
- ምብስባስ ሓፈሻዊ ኩነታት
- ቃንዛ ኣፍልቢ

እቲ ምልክታት እንተቐጺሉ፡ ናብ ሓኪምካ ምኻድ።

## ተወሳኺ ክትፈልጥ ትደሊ?

ቅኑዕ መድሃኒት ትወስድ ምህላውካ ርግጸኛ ኣይኮንካን ዲኻ፡ እቲ መድሃኒት ካብ ምውሳድካ ዝተልዓለ ምልክታት ይረኣየካ ድዩ ወይስ ብዛዕባ እቲ ሕክምና ሕቶታት ኣለካ?
ከምኡ እንተኾይኑ፡ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ወይ ምስቲ ኣብ ኣውራጃኻ ዝርከብ ክፍሊ ክንክን ዝርከብ ናይ ምቁጽጻር ተላባዒ ሕማማት ሓኪም ወይ ነርስ ተወከስ:-

- Antwerp (ኣንትወርፕ): 02 553 08 92
- Limburg (ሊምበርግ): 02 553 08 93
- East Flanders (ምብራቕ ፍላንደርስ): 02 553 08 94
- Flemish (ፍላሚሽ) Brabant (ብራባንት): 02 553 08 93
- West Flanders (ምዕራብ ፍላንደርስ): 02 553 08 94

ንነርስ ናይቲ ኣብ ኣውራጃኻ ዝርከብ ማሕበር ፍላሚሽ ንክንክን ጥዕና ስርዓት ምስትንፋስን ምቁጽጻር ሕማም ቲቢን (VRGT) እውን ከተዘራርብ ትኽእል ኢኻ:

- Antwerp (ኣንትወርፕ)
  Berchem (በርቸም): 03 287 80 10 -
  Turnhout (ተርንሆት): 014 41 13 62
- Brussels (ብራስለስ): 02 411 94 76
- Limburg (ሊምበርግ): 011 22 10 33 (Hasselt)
- East Flanders (ምብራቕ ፍላንደርስ): 09 225 22 58 (Ghent)
- Flemish (ፍላሚሽ) Brabant (ብራባንት):
  016 79 09 92 (Leuven)
- West Flanders
  Ostend (ምዕራባዊ ፍላንደርስ ኦስተንድ): 059 79 02 58 - Kortrijk: 059 79 02 57

ሕትመት ብ፡ ካሪን ሞይከንስ (Karine Moykens): ዋና ጸሓፊ፡ ክፍሊ ክንክን፡ ቦውልቫርድ ኣይሞን ቦሊቫር 17, 1000 ብራሰለስ - መስከረም 2025 ዓ.ም

VRGT
VLAAMSE VERENIGING VOOR RESPIRATOIRE GEZONDHEIDSZORG EN TUBERCULOSEBESTRIJDING VZW

ክፍሊ ክንክን
infectieziektebestrijding@vlaanderen.be
www.departementzorg.be



Vlaanderen
is zorgzaam en gezond samenleven

# ብሕማም ቲቢ ዝተለኽፈ

## ግን ዘይሓመመ

DEPARTEMENT
**ZORG**

departementzorg.be

# ዝተለኽፈ ግን ዘይሓመመ

## ኣወንታዊ መርመራ ቆርበት

ኣብዚ ቀረባ እዋን መርመራ ቆርበት ቲዩበርኩሊን ጌርካ ኢኻ፡ እዚ ከእ በቲ ሕማም ቲቢ ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያ ተለኺፍካ እንተኾይንካ ንምፍላጥ እዩ።

እቲ ናይ ቆርበት መርመራ ኣዎንታዊ ኮይኑ ተረኺቡ። እዚ ማለት ድማ ተለኺፍካ ኣለኻ ማለት እዩ። ቅድሚ ሕጂ ኣንጻር ሕማም ቲቢ ዝተኸተብካ እንተኾንካ እቲ መርመራ ኣወንታዊ ክኸውን ይኽእል እዩ።




ገለ ሃገራት ክሳብ ሕጂ ኣንጻር ሕማም ቲቢ ክታበት የካይዳ ኣለዋ። እዚ ንህይወትካ ምሉእ ብምሉእ መከላኸሊ ኣይህብን እዩ። ድሕሪኡ ንኣወንታዊ መርመራ ቆርበት ቲዩበርኩሊን ምትግጓም ኣጸጋሚ ይገብሮ፣ ነዚ ድማ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ክትዘራረብ ይግባእ።

## ኣሉታዊ ራጂ ሳንቡእ።

ብተወሳኺ፡ ሳንቡእካ በቲ ባክተርያ ተለኺፉ ድዩ ኣይተለኽፈን ንምግምጋም ራጂ ሳንቡእ እውን ተገይሩልካ እዩ። ብርግጽ ሕማም ቲቢ ብቐንዱ ሕማም ሳንቡእ እዩ።

ኣብዚ መርመራ እዚ ኣብ ራጂኻ ዝኾነ ዘይንቡር ነገር ኣይርአን ዘሎ። እዚ ማለት ድማ ኣይተለኸፍካን ዘለኻ ማለት እዩ። ኣብ ቀረባ ከባቢኻ እውን ተላባዒ ኣይኮንካን።

# እንታይ ዓይነት መድሃኒት ክወስድ ኣለኒ?



ኣብ መንጎ ብባክተርያ ቲቢ ምልካፍን ብጭቡጥ ብሕማም ቲቢ ምሕማምን ዓብዪ ፍልልይ ኣሎ።

90% ናይቶም ረኽሲታት ሕማም ኣየስዕቡን። ኣካላትና ነቲ ረኽሲ ዝኸውን ጸረ-ኣካላት ብምፍራይ ምላሽ ይህብ። ብኸምዚ እዩ እቲ ኣካልና ንርእሱ ዝከላኸል። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ጭቡጥ ሕማም ንኸይጅምር ክከላኸል ይኽእል። ይኹን እምበር፡ እዞም ጸረ-ኣካላት እዚኣቶም ሓደ-ሓደ ግዜ ሕማም ቲቢ ንኸይተመዕብል እኹላት ኣይኰኑን።

መርመራኻ ኣዎንታዊ እንተኾይኑ፡ ንኸይትሓምም መድሃኒት ምውሳድ ይምከር። ነዚ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ተዘራረበሉ።

ኣብ መብዛሕትኡ እዋን፡ እዚ ኣይሶንያዚድ (isoniazid) (ብራንድ ስሙ ኒኮቲቢን, Nicotibine ®) ከምኡ ውን/ወይ ሪፋምፒሲን(rifampicin) (ብራንድ ስሙ ሪፋዲን, Rifadine ®) ክኸውን እዩ። እዞም መድሃኒታት ብሓኪም ምስ ዝእዘዙ ብነጻ ክፍሊት ይርከቡ።

# ኣብ እዋን ሕክምናይ ካልእ መድሃኒት ክወስድ ይኽእል ድየ?

ካልእ እንታይ ዓይነት መድሃኒት ከም እትወስድ ኩሉ ግዜ ንሓኪምካ ንገሮ። ከምኡ ውን ናይ መከላኸሊ ጥንሲ ትጥቐሚ እንተኾይኪ (ከም ከኒና)። እቲ መድሃኒት ነቲ ናይ ጥንሲ ከኒና ውጽኢታዊ ከምዝይኾን ክገብሮ ይኽእል። ድሕሪኡ ክትጠንሲ ትኽእል ኢኺ።

# መድሃኒት ክወስድ ከለኹ እንታይ ክጥንቀቕ ኣለኒ?

እቲ መድሃኒት ንዝተኣዘዘለካ ግዜ መዓልታዊ (መብዛሕትኡ ግዜ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ) ክትወስዶ ኣገዳሲ እዩ። እንተዘይኮይኑ እቲ ሕክምና ውጽኢታዊ ስለዘይከውን እቶም ባክተርያ በቲ መድሃኒት ዘይጥቅዑ ክኾኑ ይኽእሉ።

- እቲ መድሃኒት ኣብ ዝተወሰነ ግዜ፡ ኣብ መዓልቲ ሓደ ግዜ ኣብ ጥራሕ ከብዲ ምውሳድ ዝበለጸ እዩ።
- እቲ መድሃኒት ብመልክዕ ከኒና፣ ሕሩጭ ወይ ብመልክዕ መስተ ይመጽእ እዩ።
- ንንኣሽቱ ህጻናት፡ እቲ መድሃኒት ቅድሚ ቁርሲ ኣስታት 30 ደቓይቕ ብማንካ ሽሮቦ ክውሰድ ይኽእል።
- ኣብ እዋን ሕክምናኻ ኣልኮላዊ መስተ ዘይምስታይ ዝበለጸ እዩ ምኽንያቱ ኣብ ጸላም ከብድኻ ኣሉታዊ ጽልዋ ከሕድር ስለ ዝኽእል።
- ገለ ሰባት ነቲ መድሃኒት ክወስዱ ከለዉ ንጸሓይ ልዕሊ ዓቐን ተነቃፍነት ኣለዎም። ስለዚ ንነዊሕ እዋን ኣብ ጸሓይ ኮፍ ከይትብል ይምከር።
- ንሓፈሻዊ ሓኪምካ ከየማኸርካ ባዕልኻ መድሃኒትካ ኣይትቐይሮ።